# እተን ሾብዓተ ማሕተማት
# ራእይ ምዕራፍ 6፡1-8

## ትእምርቲ ኣፍራስ . . .

ኣቐዲምና ብዛዕባ እቶም ሾብዓተ ማሕበራት፡ ትእምርቲ ናይ ሾብዓተ ዘበናት ናይ ቤተ-ክርስትያን ዝኾና፡ ኣብ ራእይ 1፡19 ጀሚሩ ክሳዕ 3፡22 ዘሎ ትንቢት መሰረት ብምግባር ክንዛተየሉ ጸኒሕና። እዚ ብትእምርቲ ዘበን ኤፌሶን ብ 33 ድልክ ጀሚሩ፡ ክሳዕ ብትእምርቲ ዘበን ሎዲቅያ ዝፍጸም ን 2000 ዓመታት ድሮ ገስጊሱስ ይቕጽል ድማ ኣሎ። ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ድማ ኪቕጽል እዩ። ዘሎናዮ ዘበን ብዛዕባ መንፈሳዊ ህይወትን ቤተ-ክርስትያንን ብዚምልከት ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘበን፡ ዘበን ሎዲቅያ ኢና ዘሎና።

እዚ ዘበን ቤተ-ክርስትያን ምስ ተዛዘመ ብዛዕባ ድሕሪኡ ዘሎ ዘበን ከም ትንቢት ኰይኑ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ምዕራፋት ሽዱሽተ ጀሚሩ ክሳዕ ምዕራፍ ዕስራ ተዋሂቡ ኣሎ። እዚ ዘበን እዚ፡ ከም ቀዳማይ ትንቢት ንመንፈሳዊ ብዚምልከት ኰይኑ ብትእምርቲ ቀንዴላት ተዋሂቡ ኣሎ።

ዘበን ናይ እቲ ካልኣይ ትንቢት፡ መዋእል ቤተ-ክርስያን ምስ ተዛዘመ ዝስዕብ፡ ብትእምርቲ ዝፋን ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ተዋሂቡና ዘሎ፡ ከምዚ ዚስዕብ ኰይኑ ብትእምርትታት ኪፍጸም እዩ።

1. ሾብዓተ ማሕተማት (ራእ 6፡1-17 8፡1-5)።
2. ሾብዓተ መለኸታት (ራእ 8፡6-21 11-15-19)።
3. ሾብዓተ ጽዋኣት (ራእ 16፡1-21) ገይሩ ይነግረና።

ቀዳማይ ኣተኩሮና ኣብቶም ኣርባዕተ ማሕተ ማት ናይ ራእይ 6፡1-8 ይኸውን። ራእይ 6፡1-17 8፡1-5 ከፋፊልና ንመልከቶ።

እቲ ቀዳማይ እንምልከቶ ትንቢት ናይ እቶም ኣርባዕተ ኣፍራስ ናይ ራእይ ዮሃንስ ኣብ 6፡1-8 ዘለዉ እዩ። ቅድሚ ናብ ትንታኔ እቲ ጽሑፍ ምእታውና ግና ብሰሌዳ ንመልከቶ። ነቲ ጽሑፍ ድማ ደጋጊምና ክነንብቦ ስዒቡ ቀሪቡ ኣሎ።

| ሰሌዳ ትእምርቲ ናይኣርባዕተ ኣፍራስ ናይ ራእይ ዮሃንስ | | | |
|---|---|---|---|
| ማሕተም | ትእምርቲ ኣፍራስን ሕብሮምን | ናይ እንታይ ትእምርቲ? | ጽሑፍ፡ ራእይ፡ 6፡1-2 3-4 5-6 7-8። ምስ ማቴ 24፡4-8 |
| 1ይ | ኣምበላይ (ጻዕዳ) | ጥበራ | 6፡1-2 ማቴ 24፡4-5 |
| 2ይ | ሓመር (ቀይሕ) | ውግእ | 6፡3-4 ማቴ 24፡6-8 |
| 3ይ | መጋል (ጸሊም) | ጥሜት | 6፡5-6 ማቴ 24፡7-8 |
| 4ይ | ቡላ (pale) (ፈገሳይ) | ፌራ | |

ራእይ 6፡1-8 ምስ እዚ ሰሌዳ ብምቁራን ከነስተብህለሉ ኢና እሞ ነንብቦ። እቲ ጽሑፍ ይብል፡

### ኣምበላይ ፈረስ

እቲ ገንሸል ካብቲ ሾብዓተ ማሕተምሲ ሓደ ምስ ፈትሐ ኸኣ ርኤኹ፡ ሓደ ኻም ደሃይ ነጐዲ ዝበለ ድማ፡ ንዓ እሞ ርአ ኪብል ካሎ ሰማዕኩ። ርኤኹውን እንሆ፡ ኣምበላይ ፈረስ፡ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ድማ ቀስቲ ኣለዎ ኣኽሊልውን ተዋህቦ፡ እናሰዓረ ኪስዕር ከኣ ወጸ።

## ሓመር ፈረስ

ነቲ ኻልኣይ ማሕተም ምስ ፈትሐ ድማ፡ እቲ ኻልኣይ እንስሳ ንዓ እሞ ርአ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ካልእ ሓመር ፈረስ ድማ ወጸ፡ ነቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ኸኣ፡ ንሓድሕዶም ምእንቲ ኺቃተሉስ፡ ንሰላም ካብ ምድሪ ኼርሕቃ ተዋህቦ፡ ዓብዪ ሰይፊውን ተዋህቦ።

## መጋል ፈረስ

ነቲ ሳልሳይ ማሕተም ምስ ፈትሐ ኸኣ፡ እቲ ሳልሳይ እንስሳ፡ ንዓ ኣሞ ርአ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ርአኹውን እንሆ፡ መጋል ፈረስ፡ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ኸኣ ኣብ ኢዱ ሚዛን ኣለዎ። ኣብ መንጎ እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ ከም ድምጺ ዝበለ፡ ሓደ ኮይኒክስ ስርናይ ብዲናር፡ ሰለስተ ኮይኒክስ ስገም ከኣ ብዲናር፡ ዘይትን ወይንን ኣይትጒዳእ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ።

## ቡላ ፈረስ

ነቲ ራብዓይ ማሕተም ምስ ፈትሐ ከኣ፡ ድምጺ እቲ ራብዓይ እንስሳ፡ ንዓ እሞ ርአ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ርኤኹውን እንሆ፡ ቡላ ፈረስ፡ ስም እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎውን ሞት እዩ። ሲኦል ከኣ ይስዕቦ። ብሰይፍን ጥሜትን ብኣራዊት ምድርን ገይሮም፡ ንራብዓይ ኣፍ ምድሪ ኪቐትልዎ ስልጣን ተዋህቦም።

**ቀጻሊ ትምህርቲ . . . . . . .**